፬ይ ሰንበት ዘጽጌ 2019 ዓ.ም.
22 ጥቅምቲ 2019 ዓ.ም (11/1/2026)
ንምስጢር አምላኽ ርኢኻ ምኽአል

መዝ. በጊዜሁ ጎለፈ ክረምት ቆመ በረከት. . . . . ክረምቲ ብግዚኡ ሓሊፉ በረኽት ተተኺሉ፥ ዕምባባታት ዓምቢቡ፥ አብ ገነት ናርዶስ ቃርፋን ለሚንን ትርንጎታትን ፈረየ፥ ክርስቶስ ሰንበት ሰርዐ፥ ሰናይ ንዝጸገውና ነምስግኖ።

ንባባት፡ ዕብ፡ 5፡1-6፥ 1ጴጥ 1፡13-22፥ ግ.ሓ. 23፡1-12፥ ሉቃስ 18፡35-43።

ምስባክ፡ አንተ ፈጠርከ ፀሐየ ወወርኀ፥ ወአንተ ገበርከ አድባረ ወምድረ ኩሎ፥ ክረምተ ወሓጋየ ዘአንተ ፈጠርከ። መዓልትን ለይትን ፈጠርካ ወርኀን ፀሓይን ገበርካ፥ ንምድሪ ወሰን ገበርካላ ሓጋይን ክረምትን ፈጠርካ መዝ. 74፡16-17።

፬ይ ሰንበት ዘጽጌ ንምስጢር አምላኽ ብመጠኑ ርኢና ከም እንኽእል የዘኻኽረና። እዋኑ ርክብ አምላኽን ማርያምን፥ ርክብናን ርክብ ማርያምን እነስተንትነሉ እዋን እዩ። ሕይወት ማርያም እንተ ረአናዮ ብምልኡ ርክብ ምስ አምላኽ ዝነበራ እዩ ዝገልጽ። ትውፊት ካብ ንእስነታ አብ ቤተ መቕደስ ከም ዝዓበየት ከምኡ ወለዳ እያቁምን ሃናን ክልተ ብሩኻት ከምዝነበሩ አብ ዓቕሚ ሔዋን ምስ በጽሐት ገብርኤል መልኣኽ ድላይ አምላኽ ከም ዝገለጸላ ነንብብ። እዚ ኹሉ ምስ አምላኽ ዝነበራ ርክብ ይገልጸልና። ንሳ ነቲ አምላኽ ዝገበረላ ዓበይቲ ነገርት ርእያ ከምዝኽእለት ባዕላ ትነግረና። አምላኽ ዝገበረልና ክንርኢ እንተ ኽኣልና ካብ አምላኽ ርሑቓት አይኮናን።

ወንጌል ወላ እኳ ብዙሕ ብዛዕባ ማርያም አይሓብረና እምበር እቲ እንረኽቦ ብምልኡ ማርያም ካብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ካብ ወዳ አይተፈልየትን። መጀመርያ ትምህርቱን ትአምራቱን ምስአ ጀሚርዎ አብ መስቀል ክመውት እንከሎ ኽአ ምስአ ዛዚምዎ። ድሕሪ ሞት ወዳ ንቀዳመይቲ ቤተ ክርስትያን አደ መምህር ሓፍቲ ሓዋርያ ኮይና ትመርሓ ነራ። ማርያም ከስ ብምልኡ ናታ ነገር ባርያን አገልጋልት አምላኽ ምኺንን ንሰባት ምስ አምላኽ ክራኸቡ ተአምራት ወዳ ክርእዩ አብ ሕይወቱ ንሱ ዝበለኩም ግበሩ እናበለት እትነግር አደ እያ።

ናይ ሎሚ ወንጌል ታሪኽን ተአምራትን ጥራሕ አይ ኮነን ዝነግረና ልዕሊኡ ዝኾነ ምስጢር ይነግረና። ነቲ አብ ኤርምያስ 31፡7-9 እነንብቦ ከም ዝተፈጸመ ይነግረና። ኤርምያስ አብዚ ምዕራፍ እቶም አብ ስደት ዝነበሩ አይሁድ ካብ ባቢሎን አብ ዓዶም ከም ዝምለሱ ይነገር፥ ከምኡ እዚ ጽሑፍ ናይ ምስጋናን ሓጎስን መዝምሩ እዩ ምኽንያቱ እግዚአብሔር ንህዝቡ እንታይ ከምዝገብረሎም ዝገልጽ ስለ ዝኾነ።

ከምዚ እናበለ ኽአ ይገልጾ፤ እንሆ ካብ ሃገር ሰሜን ከምጽኦም ካብ ወሰን ምድሪ ኽአ ኽእክቦም እየ ምስኦም ድማ ዕዉርን ሓንካስን ኃቢሮም ዓቢ ጉባኤ ኮይኖም ናብዚ ኽምለሱ እዮም. . . . ክመርሖም ከሎኹ ብዘይዕንቀፉት ጽጽይቲ መገዲ ናብ ወሓዚ ማይ ክመርሖም እየ ይብል።

ዘንበብናዮ ወንጌል አብ ወንጌል ማርቆስን (10፡46-52) ማቴዎስን (20፡29-34) እንረኽቦ እዩ።

ሉቃስ ወንጌላዊ ኢየሱስ ናብ ኢያሪኮ ምስ ቀረበ ሓደ ዕዉር ሰብአይ አብ ጥቓ መገዲ ተቐሚጡ ይልምን ዝነበረ ኢየሱስ ይሓልፍ ከምዘሎ ምስ ሰምዐ ወዲ ዳዊት ምሓረኒ ኢሉ ከም ዝለመነ ይነግረና።ማርቆስ ወንጌላዊ ግን ነዚ ከዘንትወልና እንከሎ ኢየሱስ ምስ ሓዋርያቱ ምስ ብዙሕ

ሕዝቢ ንከተማ ኢያሪኮ ሓዲጉ ንኢየሩሳሌም ገጹ ክኸይድ እንከሎ ነዚ ተኣምራት ከም ዝገበረ ይነግረና። ኢያሪኮ አብ ሰሜናዊ ምስራቕ ንኢየሩሳሌም ከድከድ እንከሎኻ እያ እትርከብ። እዚ ነዚ ዝስዕብ ታሪኽ ፍሉይ ትርጉም አለዎ።

ዕዉርን ለማናይን አብ ዘፈር መገዲ አብ ወንጌል ማርቆስ ስሙ ብባርጢሜዎስ ዝፍለጥ ከምዝነበረ ይነግረና፥ ሉቃስን ማቴዎስን ግን ስም አይነግሩን። አብ ባህሊ አይሁድ ዝኾነ ዓቕሚ አዳም ዝበጽሐ አብ ዓመት ሓደ ጊዜ አብ ኢየሩሳሌም ክሳለም ግድን እዩ እቶም ክኸዱ ዘይክአሉ አብ ዘፈር መገዲ ኾይኖም ነቶም ነጋድያን የፋንውዎም ምስኦም ለመንቲ እውን ክልምኑ አብ መገዲ ኮይኖም ይልምኑ። አብ ዓድና አብ ዓበይቲ ንግደታት ከም ማርያም ድዓሪት፥ ደብረሲና፥ ማርያም ጽዮን፥ ኪዳነምህረት ብዙሓት ክልምኑ ይርአዩ።

እዚ ዕዉር (ባርጢሜዎስ) ዋዕዋዕ ዝብል ድምጺ ምስ ሰምዐ እንታይ ምኻኑ ሓቲቱ፥ እቶም ዝሓተቶም ኢየሱስ ይሓልፍ አሎ ኢሎም ነኺሮሞ ሽዑ ዓው ኢሉ ኢየሱስ ወዲ ዳዊት ምሓረኒ ክብል ጀሚሩ? እንታይ እዩ ዝደሊ ዘሎ? ገንዘብ? ክሓዊ? ምናልባት አብታ ስዓት ንግሉ ዘድልዮ ነገራት ይሓትት ነሩ ይከውን። ምናልባት ብዛዕባ ኢየሱስ ብዙሕ ዓበይቲ ነገራት ከምዝገበረ ሰሚዑ ይኸውን እዩ። ሕትኡ ሕቶ ነፍሲ ወከፍና እዩ። ንኢየሱስ ሓቲትካ ምኽአል ጸጋ የውህብ።

እቶም አብ ከባቢኡ ዝነበሩ ሰባት ሱቕ ክብል ገንሕዎ ምኽንያቱ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ድኻ ለማናይ እዩ፥ ንከም ኢየሱስ ዝአመሰሉ ዓበይቲ ሰባት ክርብሽ አይግብኦን። አብ ሕይወትና እውን ብዙሓት ሰባት አብ ኢየሱስ ከይ መጽኡን ከይንመጽእ ክዓግቱና ይክእሉ እዮም። ክንደይ ጊዜ ቅዳሴ ከይንሰምዕ፥ ጸሎት ከይንገብር፥ አብ ጉዳይ ቤተ ክርስትያን ከይንሳተፍ ምኽንያታት ንገብር ንኸውን። ዝገደደ ክንደይ ጊዜ ሰባት አብ ኢየሱስ ከይቀርቡ ዓጊትናዮም ንኸውን? ጽቡቕ ከይ ገብሩ፥ ሕይወቶም ንአምላኽ ከየገልግሉ፥ ከምኡ አብ ጥቕሚ ርእስና ጥራሕ ጠሚትና ንካልእ ከይሕግዙ ዓጊትና ንኸውን? አብ አምላኽ ከይቀርብ ዝዓገትክዎ ሰብ አሎዶ?

እዚ ዕዉር (ባርጢሜዎስ) ብቕሊል ዝዕገት ሰብ አይነበረን ኢየሱስ ክሳብ ዝሰምዖ ካብ ምጽዋዕ ደው አይበለን። እኳ ድአ ኢየሱስ ክሰምዖ ኢሉ ድምጹ ዓው አቢሉ ይጽውዕ ነሩ። ንሱ ዕዉር ምኽኑ አጸቢቑ ስለ ዝፈልጥ ዝነበረ እሞ ኢየሱስ ከም ዘሕውዮ ስለ ዝአመነ ካብ ምጽዋዕ አየቋረጸን። እዚ እዩ ናይ ሓደ ክሕደስ ክቕየር ዝደሊ ሰብ ዝገብሮ። ኢየሱስ አብ ትምህርቱ ብቕጻሊ ክንጽውዕ ክንልምን ከምዘሎና ነጊሩና እዩ። ድላይና ክንረክብ ክንጽውዕ ክንልምን አሎና።

አብ ሕይወትና ከይንጽውዕ ወይ እውን አብ ኢየሱስ ከይንቕርብ ዝዓግቱና ነገራት አለዉ፡

1. ባህሊ/ልምዲ፡ ቅድሚ ሕጂ ገረዮ አይፈልጥን፥ እዚ ሓዲስ እዩ ንአይ፥ አብ ባህልና አብ ስርዓትና ከምዚ ዝብሃል የለን፥ አቦታተይ/አደታተይ አይገበርዎን/አይገበራኦን እናበልና ከድሕነናን ንዝኽእል ነገራት ንነጽግ። ልምዲ ንመንፈስና ይቕትልን የደንዝዝን።
2. ፍርሒ፤ እዚ አይ ገብርን፥ ሰባትከ እንታይ ክብሉኒ? አበይ ገጹኽ ክከይድ እዩ እናበለና ብፍርሒ ንዕገት ተጸጊምና ከሎና ስእን ምንጋር ወይ ምዝራብ ነገራት ይበላሸወና።
3. ጣዕሚ፡ ጽቡቕ አሎኹ ዝነድለለኒ የብለይን፥ ከምዘለኽዎ ጽቡቕ አሎኹ ኢልና ንርእስና አብ ዘሎናዮ ዓይነት ሕይወት ዓጺና ንነብር። ሃብቲ ጥዕና፥ ፍሉይ ክእለት፥ አብ ገለ እዋን ዕግበት ስለ ዝህቡና ምቕትን ጥዑም ኮነታ ስለ ዝፈጥሩልና ካልእ ክንርኢ የጸግመና።

4. ትዕቢት፡ ኵሉ ክእለት ኣሎኒ ባዕለይ ኣርክበሉ እየ፥ መደብ ኣሎኒ፥ ነገራት ክቕየሩ እዮም እናበልና ንዅሉ ባዕልና ክንገብር ንፍትን። ትዕቢት ንልብና ይዓጽዎ ኣምላኽን ሰብ ከማናን ከይሕግዙና ስለ እንዓጹ ኣብ ጸልማት ርእስና ንነብር።

ኢየሱስ ምስ ሰምዖ ደው ኢሉ፥ ምናልባት እዚ ሰብኣይ ካብ ምጽዋዕ ኣቋሪጹ እንተ ዝኸውን ኢየሱስ መገዱ ምቕጻለ ነሩ። ክንደይ ጊዜ ኢየሱስ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ብጥቓና ሓሊፉ ይኸውን እሞ ስኣን ምጽዋዕናን ምልላይናን ሓሊፉና ይኸውን። እቲ ጸገም ብዙሕ ጊዜ ንሕና ውሱን ሓሳብ ገርና ኣበይ ከም እንርእዮን ወይ ኣብ ከመይ ኵነታት ከም እንጽበዮ ንውስን። ኣብ መንበረታቦት ክትረኽቦ ዝቕለለ እዩ ግን ኣብ ዘይንፈትዎ ሰብ ክንረኽቦ እውን ቀሊል እዩ። ኢየሱስ ብዝኾነ መልክዕ፥ ብዝኾነ ሰብን ኩነታትን ወላ እውን ብዘይ ንግምቶ ነገር ክመጽእ ይኽእል እዩ።

ጸውዕዎ

ኣብዚ ክመጽእ ጸውዕዎ ኢልዎም። ኢየሱስ ባዕሉ ኣይኮነን ኣብቲ ሰብኣይ ከይዱ ወይ እውን ብቕጥታ ባዕሉ ኣይጸውዖን። እቶም ሱቕ በል እናበሉ ዝኽልክልዎ ዝነበሩ ክጽውዕዎ ነጊርዎም። ሽዑ ንሶም **ኣጆኻ ተንሥእ ይጽውዓካ ኣሎ** እናበሉ ጸዊዖሞ፥ ኣብዚ ቃላት ሰለስተ ፍሉይ ትርጉም ዘልኦ ነገራት ንርኢ፡ (1) ዘበራትዕ ኣጆኻ (2) ተንሥእ፥ ትንሣኤ ንሓዲስ ሕይወት ብኣካላውን ብመንፈሳዊ ነገር። (3) ይጽውዓካ ኣሎ። ዕዉር (ባርጢሜዎስ) በቲ ሰባት ዝበልዎ ሱቕ ኢሉ እንተ ዝኸውን ክንደይ ዓሻ ምኾነ። ናይ ህዝቢ ነገር ተለዋዋጣይ እዩ። ኣብ ኢየሱስ ከምጽኡናን ከርሕቑናን ይኽእሉ። ብዙሓት ኣብ ኢየሱስ ዘቕረቡኒ ኣለዉ፥ ወለደይ፥ ቤተ ሰበይ፥ ኣዕሩኽተይ፥ መማህራነይ፥ ዝሰማዕክዎ ስብከት፥ ሱባኤ፥ ዘንበብክዎ መጻሕፍቲ፥ዝርኣኽዎ ተለቭዥን ወይ ፊልም . . . . ኣብዚ ነቶም ነዚ ዝገበሩለይ ኣብ ኣምላኽ ዘቕረቡኒ ከመስግኖም ኣሎኒ። ከምኡ ብኣይ ኣቢሎም ንኢየሱስ ክሰምዑ ክርእዩ ዝደልዩ ካብ ስድራይ ካብ መሳርሕተይ . . . ኣለዉ፥ እሞ ክሳብ ክንደይ ብዛዕባ እምነትይ ንኻልኦት ከፍልጥ እዛረብ ወይ እምስክር? ክንደይ እዮም ከም ውፉይ ክርስትያን ዝፈልጡኒ? ኣብ ርእሰይ ጥራሕ ዝተወሰነ ክርስትና ተገራጫዋይ ፍረ ዘይብሉ እዩ።

ኣምላኽ ንብዙሕ ነገራት ክገብረልና ሰባት እዩ ዝልእከልና ምስ ሓመመና ዶክተር ይሰደልና ምስ ተጸገምና ንሓደ ሓውና/ሓፍትና ይሰደልና። ኣብ ሕይወትና ልኡኽ ኣምላኽ ኮይኑ ንዝመጽእ ክንቅበሎ ክንሰምዖ ጥቕሚ ኣልኦ።

ኣብ ኢየሱስ ምቕራብ፡

ዕዉር (ባርጢሜዎስ) መጸዋዕታ ኢየሱስ ምስ ሰምዐ ነጸላኡ ደርብዩ ዘሊሉ ናብ ኢየሱስ መጸ። ንሓደ ለማናይ ነጸልኡ መደቀሲቱን እታ እንኮ ዝውንና ንብረቱ እያ። ነዚኣ እንኮ ንብረቱ ደርብዩ ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ጥርሑ ሓንቲ ዘይብሉ ሕይወቱ እዩ ኣቕሪቡ። ኣብ ኢየሱስ ገጽና ክንከይድ ምስ ጀመርና ድሕረና ክንሓድጎ ዝግብኣና ነገራት ኣሎ። ባርጢሜዎስ ነጸልኡ ደርብዩ እዚ ኸኣ ኣምሳል እቲ ኣሚቕ ዘሕዘና ካብ ኣምላኽ ዝፈልየና ነገራት እዩ። እሞ ሎሚ ክድርብዮ ዝግብኣኒ ነጸላ ካብ ኣምላኽ ፈልዩኒ ዘሎ እንታይ ኣሎ ክንብል ይግብኣና።

ቀዳሞት ወለድና ብሰንኪ ኃጢኣቶም ጥርሖም ምስ ኮኑ ሕፍረት ተሰሚዕዎም ካብ ኣምላኽ ክሕብኡ ጀሚሮም። ኢየሱስ ኣብ መስቀል ጥርሑ ብምግቱ ነቲ ብሰንኪ ኃጢኣት ዝኣቶ ሕፍረት ኣብ ክብረትን ድሕነትን ቀይርዎ። ዕዉር (በርጢሜዎስ) ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ብዘይ ሕፍረት ጥርሑ ደው ኢሉ። ኣብ ጥምቀት ብፍላይ ኣብ ቀዳሞት ዘመናት ክርስትና ዝዝውተር ዝነበር ሎሚ እውን ኣብ ምስራቓውያን ኣብያተ ክርስትያናት ዝዝውተር ኣብ ክርስቶስ ዘልኦም ውፉይ ሕይወት ከመልክት ምእንቲ ንኡሰ ክርስትያን ቅድሚ ምጥማቕ/ቕ ንዝኣረገ ክዳውንቲ ደርብዩ ሓዲስ ጻዕዳ

ክዳን ይኽደን እዚ ኽአ አብ ሓዲስ ሕይወት ምስ ክርስቶስ ዘልኦም ንምምልካት እዩ። ስለዚ እዚ ዕዉር (ባርጢሜዎስ) ብምሉእ እምነትን ምሉእ ነጻነት ሓንቲ ዘይብሉ አብ ቅድሚ ኢየሱስ ቆይሙ። ነዚ ምስቲ ሃብታም ሰብአይ ጽቡቕ ዝተኸድነ እሞ ኢየሱስ ክኽተሎ ምስ ጸውዖ ሃብቱ ዝመረጸ ክነወዳድሮ ንኽእል። አብ ርእስና ተመሊስና አነ ንመን እመርጽ ክንብል አሎና። መሪጽና እንተ ዘይከአልና ክንጋገ ክንርሕቕ ንኽእል ኢና እሞ ሎሚ አነ ንመን መሪጸ አሎኹ ክንብል ይግብአና። አብ ሕይወተይ ክድርብዮ ክሓድጎ ክቕይሮ ዝግብአኒ ነገር እንታይ አሎ ክንብል ይግባእ። ንሕና ብባህርና ንዝሓዝናዮ ወይ ንዝለመድናዮ እሞ ናተይ ኢልና ንዝሓዝናዮ ልምዲ ወልፌ ዝአመሰሉ ክንሓድግ ይጽግመና እዩ ስለዚ ትብዓትን ምሉእ እምነት አብ ኢየሱስ ገርና ክንቀርብ አሎና።

እንታይ ክገብረልካ ትደሊ፡

ገጽ ንገጽ አብ ቅድሚ ኢየሱስ ደው ኢሉ እንከሎ እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ዝብል ሕቶ ነቲ ዕዉር ቀሪብዎ። አብዚ ኢየሱስ እቲ አብ መልእኽቲ ዕብራውያን ሊቀ ካህንት ተባሂሉ ዘሎ ባህርና ዝለበሰ ንኹሉ ዘድልየና ኮሉ ብዕምቆት ዝፈልጥ እዩ ዝሓቶ ዘሎ። ሊቀ ካህናት ዘበለ ኮሉ ካብቶም ከምኡ ዝኾኑ ሰባት ይጎረ፥ ንእግዚአብሔር ብዝርኢ ነገር ከአ መባእን መሥዋዕትን ስለ ኃጢአት ምእንቲ ኼቕርብ ምእንቲ ሰብ ይሸየም (ዕብ 5፡1)። ደቂ ዘብዴዎስ ንኢየሱስ ዝለመንናካ ኽትገብርለና ንደሊ አሎና ምስ በልዎ እንታይ ክገብረልኩም ትደልዩ ኢልዎም? (ማር 10፡36)። ንሶም ከአ አብ ክብሪ ሓደና አብ ብየማንካ ሓደና ድማ ብጸጋምካ ኽንቅመጥ ፍቕደልና ኢሎም ለሚኖሞ። ኢየሱስ አብ ዝሃቦም መልሲ ሕጽር ብዝበለ ዝውሃቦም በቲ አብ ሕይወቶም ምስ አምላኽን ሰብን ዝገበርዎ ከም ዝውሰን ነጊርዎም፥ ቀጺሉ ኽአ ንኻልኦት ብምግልጋል ዝርከብ ክብሪ ክደልዩ እምበር ንስልጣንን ክብርን ከይጥምቱ አስተምሂርዎም። አብ ገለ እዋን እትልምኖ ምፍላጥ አድላዩ እዩ።

ምስጢር ሕይወት ርኢኻ ምኽአል እዩ፥ ናይ ሕይወት ሓቀኛ ትርጉምን ሓበረታን ምርአይ፥ ራእዩ ዘለዎ ህዝቢ ምኻና፥ አምላኽ አበይ ከምዝርከብ ምፍላጥ፥ ሓቀኛ ሓቅን ሕያውነትን ጽቡቕን ዝርከቦ ምፍላጥ እዩ። አብዚ እንርእዮ ኢየሱስ ንዝቕረበሉ ጸሎት ክምልስ ንርእዮ ማለት ኪድ እምነትካ አባይ ስለ ዝአመንካ ድኂንካ አሕውያትካ ምሉእ ገራትካ እናበለ አብኡ ዝአመነን ዝቕረበን እሞ ዝለመነን ዝረኽቦ ገሊጹ። እቲ ዕዉር (ባርጢሜዎስ) ብኡብኡ ረአየ አብ መገዲውን ሰዓቦ።

ሎሚ አብ ቅድሚ ኢየሱስ አሎና እንታይ ክገብረልካ/ኪ ትደሊ እንተ ዝብለና እንታይ ምበልና? አብ እምነት ዝተመስረተ መልስኦ ምሃብና ወይስ ጌና አብ ዑረት ከሎና ካልእ ምለመና። እንልምኖ አብ አምላኽ ዘቕርበና ሓቀኛ ልመና ክኸውን ይግባእ። ለምኑ ክውሃበኩም ኳሕኩሑ ክኽፈተልኩም ኢሉና እዩ።

ምርአይ ከም ዝስዕብ ገርዎ።

እቲ ዕዉር (ባርጢሜዎስ) ምስ ረአየ እንታይ ገሩ? ነታ ሓደ ሰብ ናይ ሓቂ ዝርኢ እንተ ኾነ ዝገብራ ገሩ። ንኢየሱስ አብ መገዲ ስዒብዎ። አብ መጀመርያ እዚ ዕዉር አብ ዘፈር መገዲ ኮይኑ ከም ዝልምን ዝነበረ ኢና ርኢና፥ ንኢየሱስ ጌና አይረኽቦን ነሩ። ንሱ ዕዉርን ድኻ ለማናይ፥ ዘይንቀሳቐስ አብ ሓደ ቦታ ኮይኑ ዝልምን እዩ ነሩ። አብ መወዳእታ ናይ እቲ ታሪኽ ግን ዝርኢ ሰብ ራእይ ዘልኦ አበይ ገጹ ከምዝኸይድ ጽቡቕ ገሩ ዝፈልጥ። ካብ ሕጂ ንድሓር ለማናይ ዘይኮነ ጽቡቕ ገሩ ዝርኢ። አብ ዘፈር መገዲ ኮይኑ ዘይልምን ናይ ሰባት ትኳቦ ዘይጥምት። ለማናይ አብ መገዲ ዘይኮነ ብመገዲ ዝኸይድ ኮይኑ ንርእዮ። ኢየሱስ አብ ትምህርቱ ንሱ መገድን ሓቅን

ሕይወትን ከምዝኾነ ገሊጹ። እዚ መገዲ ከም ዝረአናዮ ንኢየሩሳሌም ዝወስድ እዩ ማለት ንሕማምን ሞትን ትንሣኤ ገጹ ዝወስድ።

እሞ ንርኢ ዘሎና ጠባይና ኣተሓሳስባና ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ርኢና ንኽእል ዘሎና ወይስ ጌና አብ ዑረት ኢና ዘሎና። አብ ሕልናና ኣቲና ንፈትሽ ካብ ምርአይን ንኢየሱስ ካብ ምስዓብን ዓጊቱና ዘሎ ክንቅንጥጥ አብ መንበር ንስሓ ተቐሚጥና ክርኢ ሓግዘኒ ኢልና ንለምኖ። አብ ትምህርቲ እምነትና ክርኢ ዝኽአለ ሰባኺ ወንጌል ሰዓብ ክርስቶስ እዩ ዝኽውን። ክርኢ እደሊ አሎኹ ዝብል ጸሎትና ይኹን።

እዚ ዝሰማዕናዮ ታሪኽ ናይ እቲ ቅ. ሉቃስ ንሰማዕቱ ብሩህ ርድኢት እምነቶም አብ ክርስቶስ ክህልዎም ምእንቲ ከምኡ ንክርስቶስ ምምእማን ማለት እንታይ ማለት ምኳኑ ከምህሮም ዝቐረበ እዩ። ናይ ሓደ ክርስትያን አብ ሕይወቱ ክጉዓዞ ዘለዎ መገድን ሕይወትን ዝሕብር እውን እዩ።ከም ክርስትያን ትርጉም ሕይወት ክርድአና ዓይንና ክንከፍት አሎና። ክንርኢ እንተ ኽአልና ሓዲስ ራእይ ክህልወና እዩ ንኹሉ እንጉዓዝን እንገብሮን ከአ አብ ሓቀኛ ጉዕዞ ከም ዝኽይድ ክንገብሮ ኢና። ምስ ኢየሱስ አብ ኢየሩሳሌም ዝወስድ መገዲ ብብሩህ ራእዩን ሓቀኛ ነጻነትን ክንጉዓዝ ስንድዋት ክንከውን ይግብአና።

ኦ ኢየሱስ ወዲ ዳዊት ኃጢአተይ ክርኢ ሓግዘኒ ንበሎ።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ